ዓደየ...ብጴጥሮስ፡ ተኽሉ። (ሓላፉ) 22/07/2010

ይጭነቕ ኣሎ እቲ ልበይ ይበኪ እንድዒ
ናፍቖትኪዩ ‘መስለኒ ቐልጢፍኪ ንዒ
ይበኪ ኣሎ ‘ቲዓይነይ ቆጺሩ ንብዓት
ፈጺሙ ምጻር ስኢኑ ናይ ስደት ምዓት፡

    ይዕጸፍ ኣሎ ኣብራኸይ ምኹርማይ መሪጹ
    ንርእሰይ ኣብ ሞንጎ ቀርቂረ ክሳድ ጋዕጺጹ፡

ሕዋሳት ክጠልሙ ደልዮም ርሃጽበዚሑ
ትርታልበይ ወሲኹ ልቢ ነዲሑ
ኣምዑተይ ተጋማጢሎም ቅርጸት ሒዙኒ
ብሰንኪኺዩ’ዚ ኹሉ ቕሩብ ሕዘኒ ፡

    እንታዩ’ቲ ብልሓቱ እንታዩ ጉዱ
    በየንዮም ሶሊኾምና ሓድነትና ዝጨዱ
    መንዩኾን ‘ቲ ሓሳድ ብኣና ዝቐንአ
    ዓደቦና ከይንረግጾ እሾኽ ዝዘርአ፡

ሓደራ ኣይንጻላእ ብወረ፣ ብጀካ ብተነጸረ
ቕንዕናና ብምቁሩ ሞጭቑሩ ከይዓርዓረ
ተንኮልሰብ ረቂቕዩ፡ ሓደራ ሕሰቢ ዳግማይ
ውጽኢት-ኣልቦ ከይትኾኒ ኣይትሕቆኒ ማይ፡

    ቅንዕናይ ሓቑቕ ከምማይ ንግሆ ፈልፋሊት ራህያ
    ቅጽበትያ ትደርቕ እንድሕር ጉህያ
    ብማዕረ መታን ክንወጽእ ኣብናይ ሕድሪ ጉያ
     ሱግሚና ማዕረ ክስጉም ፍትሒ ንሕረያ፡

ሱግሚናሓደ ምስኮነ ርጋጽናሓደ

ብሓባር ወዲቕና ንተሳሳእ እንተውሕደ

ብሓደ ወዲቕና ብሓደ ዝተሳእና

ሓድነትና ክሳብ ሞትናዩ ብእምነትና ተገዲድና፡

ካብቲ ዘይተርፍ ሞት'ካ ዝጻልቶ ኣነ

ቅድምን ድሓርን ከይብለኒ'ቲ ዝወሰነ

ይልምኖ ሞትና ብሓደ ሂወትና ብሓደ

እወ! ብሓደ ይኺድ ብሓደ ዝተሰደ፡

ግሪንቢጥዘበን ኣጋጢሙ ደሚቑ ዝሃሰሰ

ቀርኒ ፈልዩ ዝሃርም ከምማይ ነሓሰ

መስዝብል ከምበርቂ ዝጭቁ ከምክረምቲ

''መስ-ከረም'' ሕውስዋስ ባህሪ ንመን'ዩ ተማጋቲ፡

ኣይቦሶ ኣይግዓት፣ ኣይጋል ኣይመርዓት

ኣብክንዲ ራህዋ፣ ዝነዝሕ ምዓት

ሞራል ኣልቦዩ'ሱ ዘይብሉ ስርዓት

ተኣረም! ኢልና ንላቦ ካብደቂቕ ስዓት፡

ኣብክልተ ዝፈልዩ ኣለዉ ከምመልኣከ ሞት

ንፍትሒ ዝጉዕጽጹ ዘይብሎም ሓሞት

ካብሕጂ ዝመረጸ ሕጊ ማኪያቨሊ

ብዓገብ! ኣይንሓልፎን ሓድነትና ዝፈላሊ፡

**ዓደየ** ዓዲ ጀጋኑ፡ ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ

ብዓል መንዮም ዝጠለሙ ብዓል መንዮም ዝጀግነኑ፡